**ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ቀዳምይ ርክብ**
**ተምሃሮ ከረን ዝቐረበት ግጥሚ**
**ብ ወልደስላሴ ተስፋይ ዕመር**

***"ከረን ጻዕዳ".***

ከረን ጻዕዳ
ከረን ጻዕዳ
ዓዲ መርሓባ
ድምቕቲ ዕንባባ
ዘይብላ መሰታ
ዘይብላ መሰታ

ከረን ዓላ
ከረን ዓላ
አይከበሳ አይቆላ
ወይነ-ደጋ
ከረን! ክብርቲ ዋጋ

ፍሉይ አቀማምጣኪ
ምቑእ ንፉስኪ
ጥዑም ዝሸትኦም- ጀራዲንኪ
ከረን ዓደይ ከምይ አለኺ
ከረን ዓደን ከመይ'ለኺ

ከረን ታሪኻዊት ኩርባ
ለውጢ ዝጥነስ ኣብ ከብዳ
ውግእ ዓለማት ዝዛዘመላ
ከረን እወ፣ ከረን ጻዕዳ
ከረን እወ ፣ ከረን ጻዕዳ

ከረን ቀራና መንገዲ
ባህልታት እተዋድዲ
ቋንቋታት እተሳንዲ
ሰላምታ ንዓኪ
ሰላምት ንዓኪ

ሻሽን ጣግያን ዝምዕርገሉ
ሰማዲት ዝውንዘፈሉ
ሳንደልን መዳስን ዝውደየሉ
ሸሊልን አደረን ዝኸብረሉ

ከረን ናይ ባህልታት ቆፎ
መሰታ ዘይብላ ከቶ

ብምብራቕ ብምዕራብ
መጺኦም ዘጽልሉልኪ
ብሰሜን ብደቡብ
መጺኦም ዝጣየሱልኪ
ኩሎም ብሓበራ የፍቅሩኺ
ከረን ወይን-ዘላላ
ዕዲ ብልቱግ ማሻላ

ከረን ዓዲ ቀነይቲ ዘነይቲ
ዓዲ ስሒቕቲ በረጅቲ
ዓዲ መደርቲ ወረቕቲ
ዓዲ ዕጨት- ሕና
ጎይታ ቃና
ክንደይኳ አጻዊትካና

መርሓባ መርሓባ
ደቂ ድዓሪት ሩባ
መርሓባ መርሓባ
ደቂ እምባ ላልምባ

አንታ ከመይ አለኹም
ደቂ ገዛ ባንዳ ስኒታ
ከረን ላዕላይ ምስ ሺሻታ
ገዛ-ወረቀት ምስ ሹቃ
ደቂ ካምቦ ድጓና

ዓዲ ሐባብ ምስ ሐሻላ
ሕለት ሱዳን ዓዲ- ሲዲ
ምስ ሩባ ሽፍ-ሽፌ

ኩሉኩም ብሓበራ
ደቂ ከረን ጻዕዳ
እንቋዕ ተረአኤና።